# ንኣምላኽ ብግልኻ ምርካብ

**ንባባት**፡ ሉቃስ 19፡1~19፤ ዮሓ 1፡35~ፍ።

ሰብ ክፍጠር እንከሎ ምስ ኣምላኽ ቀጻሊ ርክብ ክህልዎ እዩ ተፈጢሩ። ባሕርና ምስ ኣምላኽ ክኸውን እንከሎ ዕግበት ኣልቦ። ኩሉ ፍጡር ምሉእ ክኸውን እዩ ዝቃለስ ነዚ ውሽጣዊን ቀጻሊ ስምዒትን ዘዕግብ መልሲ ክሳብ ዘይረኸበ ደው ኣይብልን እዩ። ዕግበት ዘልኦ መልሲ ዝርከቦ ኸኣ ምስ ኣምላኽ ክንራኸብ ከሎና ጥራሕ እዩ። ዳዊት መዘምር ነፍሰይ ኣባኻ ጥራሕ መልሲ ትረክብ እናበለ ምስ ኣምላኽ ክራኸብ እንከሎ ዝሰምዖ ቅሳነት ይነግር። ንኣምላኽ ዝረኸበት ሕይወት ዕግብትን ብዓልቲ ምሉእ ተስፋን እያ። ሰብ ዝርብሽ ንኣምላኽ ሓዲጉ ብኻልእ ክምራሕ እንከሎ እዩ። ሎሚ ኣስተንትኖና ከመይ ገርና ርክብና ምስ ኣምላኽ ንረኽቦ እሞ ምስኡ ውህደትን ቅሳነትን ንርእሰናን ንኻልእን ንህብ እዩ። ክንቀስን ክንሕጎስ ንኣምላኽ ክንረኽቦ ክነዕልሎ ግላውን ሓባራውን ጸግምና ክነካፍሎ ክንሰምዖ፥ ብሓጺሩ ምስኡ ግላዊ ዕላልና ክንገብር ከሎና ጥራሕ እዩ።

ሰብ ንኣምላኽ እንተ ዘይረኸበ ኩሉ ጊዜ ኣብ ህውኽ ሕይወት ይነብር ቃኤል ንሓው ኣቤል ምስ ቀተለ ኩሉ ቀታሊ ኮይኑ ይርእዮ ነሩ ምኽንያቱ ኣምላኽ ካብኡ ስለ ዝረሓቐ ርቡሽ ሕይወት የሕልፍ ነሩ። ሰባት ኣብ ክፉእ ዝዝንብሉ ኣብ ሓጢኣት ምስ ዝወድቁ እዩ። ቅዱስ መጽሓፍ እሳራኤላውያን ካብ ኣምላኽ ክርሕቁ ኸለው ዝተፈላለየ ጸገም ይወርዶም ከም ዝነበረ ነንብብ። ኣብ ኣምላኽ ክምለሱ ከለው ሰላም ቅሳነት ኩሉ ሰናይ ዘበል ነርዎም። ነብያት ካብ ኣምላኽ ከይርሕቁ ከይጋገዩ ተመለሱ እናበሉ ይዓስዩ ነርዎም። እግዚኣብሔር ዝኀይትሉ ህዝቢ ቅዱስ እዩ። ኣብዚ ዘሎና ኩልና ንኣምላኽ ክንረኽቦ ናትና ክንገብሮ ሽዑ ኩሉ ሰናይ ክኾነልና እዩ።

## ሕርየት ነፍሲ ወከፍና

ኣምላኻ ኣብ መንጎና ሕያው ክንገብሮ ናይ ነፍስወከፍና ጻዋዕታን ሕርየትን እዩ። ኩሉ ሰብ ነናቱ ህያብ ካብ ኣምላኽ ተቐቢሉ እዩ። ኣብ ዮሓ. 1፡35~ፍ እንተ ኣንቢብና ብዛዕባ ቀዳሞት ኣርድእቲ ኢየሱስን ከምይ ኢሎም ከምእተሓርዩን ርክቦምን ይነግረና። ምስ ረኸብዎ ምስኡ ውዒሎም ምስኡ ከዕልሉ ክምሃሩ ኩሉ ክርእዩ ውዒሎም ተቐይሮም ኣሚኖም ሽዑ ናብ ሰብከት ወንጌል ወፊሮም። እንድርያስ ንሓው ስምዖን ንኀይታ ረኺብናዮ ምስኡ ውዒልና ኢሉ ነጊርዎ ንዓናይ ርኸቦ ኢልዎ ንሓለቓን ወኪልን ቤተክርስትያን እንድርያስ እዩ ምስ ኢየሱስ ኣራኺብዎ። ኣብ ክርስትናና እምነትና ንኻልእ ክንሰብኽ ክንነግር ግድነት እዩ። ግን መጀመርያ ንሕና ክንረኽቦ ክነዕልሎ ምስኡ ውህደት ክህልወና ክንፈልጠ ግድነት እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 10፡14 “ግናኸ ብእኡ ክኣምኑ ከመይ ኢሎም ክጽውዕዎ እዮም፥ ብዛዕብኡ ከይሰምዑኸ ከመይ ገይሮም ብእኡ ኺኣምኑ እዮም ብዘይ ሰባኺኸ ከመይ ገይሮም ኪሰምዑ እዮም” እናበለ ናይ ክርስትያን ስብከት ግድን ምዃኑ ይነግረና። ነፍስወከፍና ኣብ ኣምላኽ ቀሪብና ክነዕልሎ ሕሩያት ኢና።

## ኣምላኽ ብግልና ክረኽብና ይደሊ

ነፍስወከፍና ብበስምና ጸዊዑ ክረኽበና ድላዩ እዩ ሓንትስ ምቹእ ኩነታት ንፍጠር። ክንረኽቦ ሀረርታ ምሉእ ድለት ከምኡ ዝክኣለና ጻዕሪ ክንገብር ከሎና ዝተረፈ ባዕሉ ክምልኦ እዩ። ነዚ ኣብነት ዝኾነና ኣብ ሉቃስ 19፡1~10 ዘሎ ብዛዕባ ዘኬዎስ ዝነግር እዩ። ዘኬዎስ ሓለቓ ተቐበልቲ ቐረጽ እዩ ዝነበር። ንሱን ኩሎም ከምቲ ናቱ ዝሠርሑ ንሮማውያን ስለ ዘገልግሉን ከምኡ እቲ ገንዘብ ዝረኽብዎ ከም ዓመጽ ስለ ዝቑጸር ዝነበረ ብህዝቢ ብፍላይ ከኣ ብመራሕቲ ሃይማኖት ጽሉኣት ነሮም። ኣብቲ ሕብረተሰብ ፍንፉናት ሓጢኣተኛታት ስለ ዝቑጸሩ ጸገም ነርዎም። ዘኬዎስ

ጸገሙ ተረዲኡ ንኢየሱስ ክርኢ ብማዕዶ ክጥምቶ በቲ ዝነበሮ ሕጽረ ከይተዓግተ ኣብ ኦም ደይቡ ኢየሱስ ግን ውረድ ሎሚ ኣብ ቤትካ ምሳኻ ክውዕል እየ ውረድ ኢሉ ምስኡ ኣብ ገዝኡ ውዒሉ። ብሓቂ ነነፍስወከፍና ዝኸውን ዓቢ ትምህርቲ። ኣብዚ ኢየሱስ ምእንትመን ከምዝመጸ ንርኢ። ነቶም ሓጥኣን ፍንፉናት ንዑቓት ብሓጺሩ ነቶም ድሕነት ዘድልዮም ክረድእ መጺኡ። ንዘኬዎስ ኣብ ገዝኡ ኣትዩ ፍቕሩ ክገሊጸሉ ኩነታቱ ብዘየገድስ ክልውጦ ምእንቲ መጺእዎ። ዘኬዎስ ተሓጉሱ ተቐበሎ ምልክት ሓጎሱ ኸአ “ጎይታይ እንሆ ፈረቓ ጥሪተይ ንድኻታት እህብ ገለ ዝዓመጽክዎ እንተሎ እውን ኣርባዕተ ዕጽፊ እፈድዮ” እናበለ ምልክት ተሓድሶኡ ገሊጹ። ኢየሱስ ድማ “ሎሚ ነዚ ቤት ድኅነት ኮነሉ ከመይ ንሰኻውን ወዲ ኣብርሃም ኢኻ ወዲ ሰብ ንጥፉኣት ኪደልን ኬድኅንን እዩ ዝመጸ” በሎ። ኩልና ደቂ ኣብርሃም ብመንፈስ ኢና ክንድሕን እቲ ኣፍደገ ክፉት እዩ እሺ ኢልና ጥራሕ ንቀበሎ ዝተረፈ ንሱ ክምልኦ እዩ። ኣብ ዘዘለናዮ ዓይነት ሕይወት ከሎና ክረኽበና ከዕልለና ክሕድሰና ይደሊ። ገለና ሕይወትና ትርጉም ስኢናሉ ጸልማት ጎልቢቡና ክህሉ ይክእል እዩ ሎሚ ኣብዚ እዋን ጾም ክርስቶስ ምሳኻ/ኺ ክውዕል እደሊ ኣሎኹ እሞ ንዓ ይብለና ኣሎ። ንዘኬዎስ ዝሓደሰ ኣምላኽ ንኣይ እውን ክሕድስ ጸገም የብሉን ሓንትስ ኣነ ፍቓደና እኹን እምበር።

## ከመይ እንተገበርና ኢና ንኣምላኽ እንረኽቦ።

- ሓጢኣት እንተ ሓደግና። ኣምላኽ ምሳይ ኣብ ውሽጠይ ክነብር ካብ ዝኾነ ሓጢኣት ክፍኣት ክርሕቕ እንተ ወሓደ ድለት የድልየኒ። ካባና ሓጢኣት ክነጥፍእ ንኽፉእ ክንሓድግ ብእከየ ወበዓቢ ብእከየ ክንብል ክንክእል ኣሎና። ኣብ ከምዚ ዝወፈረ ሕይወት ጥራሕ እዩ ንኣምላኽ ዝረክብ። ንስሓ ሓጢኣት ክንገብር ግደን እዩ እዚ ኸአ ክንናዘዝ ክንእመን እሞ ክንሕደስ ሽዑ ኣብ ደምበ ኣምላኽ ክንኣቱ ንኽእል። ሎሚ ሰባት ሓጢኣት እንታይ ምዃኑ ጠፊእዎም ኣብ ዓዘቕቲ ሓጢኣት ዝነብሩ ውሑዳት ኣይኮኑን። እንታይ ኣለዎ እናበልና ሕልናና ንቐትል ኣሎና። ነዚ ምስ ኣለና እዩ ኣምላኽ ምሳና ዝህሉ።

- ብድሕነት ሓወይ /ሓፍተይ እንተተሸገርኩ፥ ሞት ጥፍኣት ሓውና/ሓፍትና ክሻቕለና ይግባእ። ንሓው ንሓፍቱ ዘየፍቅር ናይ ክርስቶስ ኣይኮነን። እዚ ፖሎቲካዊ ወገን ኣይኮነን። ሰይጣን ዝተዓወተሉ ሓወይ/ሓፍተይ ድቃስ ክኸልኣኒ ኣለዎ። ኣምላኽ ዝርሓቐ ሕይወት ኣብቲ ንቡር እንመልሶ ንሕና ኢና። መድሓኒና ልኢኹና እዩ ኪዱ ስበኹ ንሰባት ኣርድእተይ ግበርዎም ኢሉና። እዚ ቤትና ቤት ኣምላኽ ንግበር።

- እንተ ተነሳሕና። ኣብ ጊዜ ጾም ስለ ዘሎና ነዚ ክነተግብሮ ምቹእ እዋን እዩ። ንስሓ ማለት ምቕያር ማለት እዩ። ካብ ጸጋም ናብ የማን ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን። ቅዱስ ዮሓንስ መጥምቕ ነዚ ሰቢኹ። ሓፍ ዝበለ ለጥ ይበል ጉድጓድ ዘበለ ይምላእ ጥውይዋይ ዘበለ ኸአ ትኽ ይበል ይብለና። ሎሚ ሕልናና ክንፍትሽ ግቡእ እዩ። ኣብ መንበርና ኮፍ ኢልና ከመሎኹ ሕይወተይ ኣብ ምንታይ ኣሎ እምበርዶ እነብር ኣሎኹ ጠፊኤ ከይህሉ እናበልና እስከ ንፈትሽ። እንተፈተሽና መኽዘን ሓጢኣት ክንረክብ ኢና ሽዑ ክንጉሕፎ። በዲለ ኣሎኹ እናበልና ክንእመን የድሊ። እዚእ ዝበርትዐት እያ ንእና። ተበዲለ ጥራሕ ኢና እንብል። ብዙሕ ጊዜ ካብ ርእስና ወጺእና ንኻልኦት ጥራሕ ኢና እንርኢ እስከ ሎሚ ኣብ ውሽጥና ንእቶ እሞ ንተኣመን። እቲ ዝዓበየ ጸገም ሰብ ሎሚ ዘይምንዛዝ እዩ። ስለ መንታይ ዘይንናዘዝ እንታይ እዩ እቲ ጸገም ብዙሓት ናይ ከኒሻ ጽልዋ ዝሓደሮም ካልኦት ኣብ ኣምላኽ ዘይነዘዝ ዝብሉ ኣለው እዚ ኹሉ ርእስኻ ምጥፍፋእ እዩ ስለዚ ሎሚ እዋኑ እዩ እሞ ኣብ መእዲ ንስሓ ንካፈል።

- ንኣምላኽ ክረኽቦ እንተጸዓርኩ። ኒቆዲሞስ ዝብሃል ሰብኣይ ናብ ኢየሱስ ብለይቲ መጺኡ ኣብ ጽምዋ ከም ዝረኽቦ ኣብ ዮሓ 3 ነንብብ። ንሱ ኣብ ጽምዋ እሞ ብለይቲ ክረኽቦ

ኢሉ ብለይቲ ኣብቲ ኢየሱስ ዝነበሮ መጺኡ ምስኡ ኣዕሊሉ ተማሂሩ ኣብ ኢየሱስ ከአ ኣሚኑ። ነስወከፍና ኣብ ሕይወትና ንእምላኽ ብግልና ኣነ ከም ኣነ መጠን ንእምላኽይ ከረኽቦ ኣሎኒ ክንብል ኣሎና። ኣብ ሓዳረይ ኣብ ሕይወተይ ኣምላኽ ክአቱ ከፍቅደሉ ሎሚ እዋኑ እዩ። እዚ ምርብራብ ዘድልዮ ጸሎት ምድካም ዘድልዮ ጉዳይ እዩ። እናተዛነኻ ዝርከብ ግንያ ኣይኮነን። ገለአዋን እንተ ኣድለየ ጸዋእ ሞት እውን እንተ ኣድለየ ዝኽፈሎ እዩ። መንግስተሰማይ ክንአቱ ጉዕዞ መስቀል ክንክተል ኣሎና። መስቀለይ ሒዘ እሰዕበካ ኣሎኹ እሞ ሓግዘኒ ንበሎ።

## እንታይ ንግበር (ሉቃ 3፡10)

ብሓጢአቱ ዝተአመነ ዝሓቶ ሕቶ እዩ። ሰባት ንስብከት ዮሓንስ መጥምቕ ምስ ሰምዑ እንታይ ንግበር ኢሎም ሓቲቶም። ልቦም ተተንኪፎም ብሓጢአቶም ተአሚኖም፥ ለውጢ ደልዮም። ንሱ ኸአ በብሕይወቶም ክሕደሱ ነጊርዎም። እዚ ናይ ነፍስ ወከፍና ሕቶ ክኸውን ይግባእ። ክሕደስ ናይ ኣምላኽ ሰብ ክኸውን ንኽፉእ ሓዲገ ኣብ መእዲ ክርስቶስ ክአቱ እንታይ እግበር ኢልና ክንሓትት ሎሚ እዋኑ እዩ። ብፍሉይ ኣብዚ ቁምስና እትርከቡ ከም ሓንቲ ማሕበር ክርስቶስ መለለይኹም እንታይ እዩ ከመሎኹም ኣብ መንገኹም ብምንታይ ትፍለጡ ብፍቕርኹምዶ ብምኹራይኩም ወይስ ብምትሕምማይኩም ወይስ ካብ ቤተክርስትያን ብምርሓቕኩም። እቲ መልሲ ኣባኹም እሓድጎ ግን ክምለስ ዘለዎ ነገር እዩ። ኣነ ንቤተክርስትያነይ ሰፊሖ ድየ ወይስ ኣቕሳሊአ፥ ኢየሱስ ብኹሉ ክኽብር ክፍለጥ እንታይ ኣበርኪተ፥ እናበልና እዝን ካልእን ሕቶታት ንሕልናና ክንሓቶ ግቡእ እዩ። ናይ ካልኦት ድኽመት ሓጢአት ምርአይ ቀሊል እዩ ሎሚ ናተይ ክርኢ እስከ ንበል።

ሎሚ መዓልቲ ተሓድሶ ክትኮነልና ኩልና ኣፍደገ ልብና ከፈትና ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ደው ንበል። ዓወት ክንጭብጥ ንጹሕ ሕልና ይሃልወና ብዝነፈሰ ንፋስ ተወቒዕና መአዝና ኣይነጥፍእ። ኣብ ቅድሚ ሓቂ ደው ንበል ኣብ እምነትና ዘለቅለቕ ኣይንበል።

## ጉዕዞ ጾም ምስ ኣደ ኣምላኽ

ኣምላኽ ክዕረቐና ምስ ደለ ብማርያም መጺኡና። መንጎኛ ኮይና ነቲ ብኣምላኽ ዝቐረበላ ሕቶ እሺ ኢላ ተቐቢላ ንድሕነትና ተሳቲፋቶ። በዚ ዓራቒት፥ መንጎኛና፥ መሳልል ሰማይን ምድርን ንብላ። ኢየሱስ ምድራዊ ኣገልግሎቱ ምስ ማርያም ጀሚርዎ ኣብ ቃና ዘገሊላ ኣብ ዝተገብረ መርዓ፥ ኣብ ቀራንዮ ክስዋዕ እንከሎ ምስኡ ትስዋዕ ነራ። ኩሉ ናቱ ናታ ገርዎ። ንሳ ፍሉይ ቦታ ኣብ ኩሉ ተልእኮኡ ረኺባ። ሎሚ ንሕና ኣብ ጉዕዞ ጾም ኣሎና። እዚ ከምቲ ናይ ኢየሱስ ምጅማር ንቅዱስ ተልእኮ ክኾነልና ሓገዝ የድልየና። እታ ዝበለጸት ሓጋዚትና ማርያም እያ። ኣብ መስቀል እንከሎ እንሃ ኣደኹም ሓላይትኩም፥ ኣካቢትኩም፥ ጠበቓኹም ኢሉና ስለዚ ምስ ማርያም ርክብ ዘይብሉ ክርስትና ዘኽታም ክርስትና እዩ። ዝኽትምና መንፈስ ካይሰምዓና እምብአር ሎሚ ናብ ማርያም ቀሪብና ጉዕዞ ቅድስና ክተሓሓዞ ሓግዝኒ ንበላ። ኣደ ዘላቶ ሕጻን ኣይስከፍን እዩ ከማይ ኣዲኡ ኩሉ እያ ንእኡ። ማርያም ኣደና ገርና ኣብቲ ወዳ ዝደልዮ ጉዕዞ ሕይወት ንመርሽ። ንሳ ወደይ ዝብለኩም ግበሩ እያ እትብለና።
ኣምላኽ ንኹሉ ጸሎትና ተቐቢሉ ብሩኽ ጾም ገሩ ኣብ ብርሃን ትንሣኤኡ የብጽሓን።

ንባባት፡ ግ.ሓ. 9፡3~9 ዮሓ.4፥ ኤርምያስ 1፡4-11፥ ኢሳ 6፡1-ፍ፥ 1ሳሙኤል 3፡4-19፥

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ